# ኤርትራውያን ነባሮ ኡልም ጀርመን
# 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብኽብሪ ዘኪሮም

ኤርትራውያን ተቐማጠ ኡልምን ከባቢኣን ብዕለት 22.06.2013 "ሃገር ኣብ ዝኽሪ ሓበን" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብክብ ዝበለ ሃገራዊ መንፈስ ኣኽበሩ። መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት

ብኣቦ መንበር ማ/ኮም ኡልምን ከባቢኣን ካብ ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ተላእከ መግለጺ 20 ሰነ ሰማእታት ኤርትራ ፥ ብድሕርሪ ምቕራብ ንናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር ብጅግንነት ዝሓለፉ ሰማእታትና፡ ሰፈሮም ወትሩ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ “ደበሶም - ሕድሮም ንምትግባር እነርእዮ ግብራዊ ሰራሕ ሰለዝኾነ፡ ኣብዛ ረዛን ዕለት መብጽዓና ክነሕድስ ይግባእ” ክብል ውሓትና ንኽቐሰኑ ኣብ ፕሮጀክት „ምንባይ ሰድራ ሰውኣት“ ተሳትፎና ንኽዓቢ ለበዋኡ ብድሕሪ ምልግጋስ መደብ ምብራህ ሽምዓ ሰማእታት ጀመረ። ተሳተፍቲ ነቲ ኣብነታዊ ጅግንነትን ተወፋይነት ሰማእታት ኤርትራ ብምሙኻስን ብምስትንታንን ንሰማእታቶም ሕልናዊ ጸሎት ብምብጻሕን ፥ ቃል ኪዳኖም ብምሕዳስን ፥ ብበሪኽ ሃገራዊ መንፈስ መትከል ሰማእታቶም ክኽተሉን ሕድሮም ከጽንዑን ከም ወትሩ ድሉዋት ምህላዎም ብምርግጋጽ ፥ ዓቕሞም ዘፍቀዶ ብምብርካት መደብ ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ከተማ ኡልም ብውሁድ ሃገራዊ ቅኒት ፥ ተዛዘመ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰወኣትና

ማሕበረኮም ኡልምን ከባቢኣን
ዕለት 24.06.2013